HOME ACCESS
NEXT GENERATION LEARNING

**ዝኸበርኩም ወለዲ /ሓለይቲ**

ብዛዕባ *ሆም ኣክሰስ ግራንት* ማለት ንተማሃሮ ቆልዑ ኣብ ገዛ ኮምፕዩተርን ሂቡ ብኢንተርኔትን ንምጥቃም ዝሕግዝ መንግስታዊ መደብ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ዕላማ ናይዚ መንግስታዊ መደብ'ዚ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንዝነብሩ ግን ካኣ፡ እኹል ገንዘብ ንዘይብሎም ስድራቤታት ተማሃሮ ደቆም ነጻ ኮምፕዩተርን ነጻ ኢንተርኔትን ከም ዝረኽቡ ምግባር ኢዩ።

ካብቲ መደብ ገንዘብ ክትረኽቡ ኣንተደሊኩም ካኣ፡ ኩነታት ስድራቤትኩም ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ከማላ ኣለዎ።

- ቆልዑኹም (ወይ ትሕብሕብዎ ቆልዓ) ካብ ሳልሳይ ክሳብ ታሽዓይ ክፍሊ ዘሎ (ማለት ብሓፈሻኡ ካብ 7 ክሳብ 14 ዓመት ዕድመ) እንተ ኾይኑ፤
- ቆልዓኹም ቅድሚ ሕጂ ካብቲ መንግስቲ ንተማሃሮ ዝዕድሎ፡ ወይ ካብ *ሆም ኣክሰስ* መደብ ኮምፒተር ዘይወሰደ እንተኾይኑ፤
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ነጻ ምግቢ ዝወስድ እንተኾይኑ፤ ከማኡ ኸኣ፡
- ኣብቲ ንቆልዑ ዝዋሃብ መንግስታዊ ዱጎማ ደብተርኩም *(ቻይልድ በነፊት ኣዎርድ)* ምዝጉብ እንተኮይኑ፤

ናይ ሰራሕተኛ ቀረጽ ሓገዝ *(ዎርኪንግ ታክስ ክረዲት)* ተውስዱ እንተዳኣ ኮንኩም ግን እዚ መደብ ንዓኹም ኣይምልከትን ኢዩ።

ነዚ *ሆም ኣክሰስ ግራንት* ሓገዝ ክትረኽቡ ዘኽእለኩም መሕተት ቅጺ እንተ ደሊኹም ካኣ፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዕርቢ ካብ ሳዓት 8፡00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሳዓት 1፡00 ድ.ቀ. ኣብ ዘሎ እዋን፡ ብቁ . ስልኪ 0333 200 1004 ደዊልኩም ሕተቱ።

ትበቕዕዎ ምዃንኩም ንምርግጋጽ፡ ብስልኪ ክሓትኹም ኢዮም። ኣንተ ተዓዊትኩም ድማ ኣቲ መሕተት ቅጺ ወይ ኦርኔክ ይሰዱልኩም። ኣብኡ ካኣ እቲ ክትመልእዎ ዝግባኣኩም ባዕሉ ክሕብረኩም'ዩ። ነቲ ኦርኔክ መሊእኩም ኣብቲ ብናጻ ክትሰዱሉ ትኽእሉ ፖስታ ኣእቲኩዎ ስደዱዎ።

ኣብቲ መደብ ክትካፈሉ እንተተፈቒዱኩም ካኣ፡ ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ኢዩ።

1. ሓደ ኮምፑዩተር ብነጻ፡ ንሓደ ዓመት ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ብነጻን፡ ካልእ ኣገልግሎታትን
2. ሓደ ኮምፑዩተር ብነጻ፡ ካልእ ተወሳኺ ኣገልግሎታትን
3. ንሓደ ዓመት ናይ ኢንተርኔት ነጻ ኣገልግሎት ትራሕ

እዚ ኣዝዩ ጠቓሚ መደብ ስለ ዝኾነ ተስፋ ንገብር ብእዋኑን ብጉቡእን ክትሓቱ።

እቲ ቆልዓኩም ዝማሃረሉ ቤት ትምህርቲ ካኣ ነዚ ጉዳይ ብዝርዝር ከረድእ ዘኽእል ኣስተርጓሚ ዝህልወሉ ኣኼባታት ከካይድ ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ ኣኼባ ክትሳተፉ እንተ ደሊኹም ነቲ ቤት ትምህርቲ ክትውከሱ ንላቦ።

**ኣኽባሪኹም፣**

Delivered by
Becta leading next generation learning